# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.6 | ሰንበት 6 መስከረም 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር


ገጽ 7
ባህልን መንነትን


ገጽ 8
ስፖርታዊ ውድድራት፡ ንዝኽሪ መበል 50 ዓመት ...



## እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ ‘ማትሪክ’ ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ሽልማት ተዓዲሉ


ሰሰእሊ. ሓሊማ ማሕሙድ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ (ማትሪክ) ብሉጽ ውጽኢት ዝመዝገቡ ኣባላት 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሽልማት ተዓዲሉ።

ኣብ'ቲ ብቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ተወዲቡ ብ2 መስከረም ዝተኻየደ መደብ፡ 27 ተመሃሮ ከምእተተባብዑ፡ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋይ ተኽስተ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ - ኣብ ተመሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሮካ ብቐዓትን ውጽኢትን ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝዓለመ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ መጠን ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ5 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ብወገና፡ ኺ-ኺ'ቲ ዝርግሐን ጠለባትን ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምላእ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቐድድ ንጥፈታት፡ ነፍሲ-ወከፍ ተመሃራይ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝግበር ወሁድ ጻዕሪ ዝያዳ ክሕይል ተማሕጺና።

## ባህላዊ ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብውዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ



ባህላዊ ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ “ባህሊ፡ ሃናጺ ክብርታትን መንነትን” ብዝብል ቴማ፡ ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

እዚ ንዓመት መመላእታ ዝቐጸለን ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተሳተፍኦን ውድድር፡ ንብዘን ጽባቐ ጽሕፈትን፡ ሓፈሻውን ትምህርታውን ፍልጠት፡ ስእልን ቅብኣን ኣብ መድረኽ፡ ምህዞን ስነዓን፡ መደረ፡ ክትዕ፡ ሓጺር ዛንታ፡ ግጥሚ፡ ትልሂት፡ መዚቃን ድራማን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ብ3 መስከረም፡ ኣብ ሲነማ ሮማ ኣብ ዝተገብረ ብስነ-ጥበባዊ ፍርያት ዝደመቐ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስ መምህር መስፍን ወልደስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ባህሊ መግለጺ ባህሪን ክብርታትን፡ መለለዩ ልምዓትን ዕዮታትን ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ በዚ ኣተሓሳስባ ዝተኸሰከሱ ተመሃሮ ንምፍራይ ዓጸፋ ክስራሕ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ መምህር ሰለሙን በርሀ ብወገኑ፡ ዕላማ ባህላዊ ንጥፈታት - ብቐንዱ ንሓደስቲ ወለዶ ብፍቕሪ ሃገርን ሃገራዊ ባህልን ንምኽስካስ፡ ከምኡ'ውን ብሞያኦም ዝሕበኑ ብቑዓት ወረስትን ኣውረስትን ንምፍራይ ከምዝኾነ ገሊጹ።

መምህር ሰለሙን ወሲኹ፡ እቲ መደብ ብዝበለጸ ንኽምዕበል፡ ንወከልቲ ንጥፈታት ባህሊ መምህራን ስልጠናታት ክወሃብ፡ ተሳታፍነት ወለዲ ድማ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ድራማን መዚቃን ንዝተዓወታ ኣብያተ-ትምህርቲ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ንኡስ ዞባ ደብባዊ ምብራቕ ንሳልሳይ ግዜኣ ንብለል ባህላዊ ንጥፈታት ዓመተ ትምህርቲ 2025/26 ብምኻን ዋንጫ ዓቲራ።

ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ ጐኒ-ጐኒ መደባት ጽንበል ናጽነት ኣብ ወርሒ ግንቦት ከምእተዛዘመ ዝዝከር'ዩ።

## ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ንኣተገባብራ መምርሒታት ምዝና ተመሃሮ ዝምልከት ዓውደ-ዘተ ወዲቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ንኣተገባብራ መምርሒታት ምዝና ተመሃሮ ዝምልከት ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ መንደፈራ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ትካላት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባታት መንደፈራ፡ ድባርዋ፡ ዓረዛ፡ ማይ-ምነ፡ ዓዲ-ኳላን እምኒ-ሓይሊን ዝተሳተፍዎ ብ2ን 3ን መስከረም ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ብሓፈሻ መምህራን ከኣ ብፍላይ ኣብ ምምዛን ተመሃራይ ክኽተልዎ ኣብ ዝግብኦም መምርሒታት ተዘቲዮም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ምዝና መምህር ትኩእ ኪዳን ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ምዝና ንኹልንትናዊ ምዕባለ ትምህርትን ተመሃራይን ሓበሬታ ንምእካብን ንምውሳንን ዘኽእል ኣካል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንምዝና ዝእከብ ሓበሬታ ቅኑዕን ርጡብን ክኸውን ከምዘግብኦ ገሊጹ።

መምህራን ብሓፈሻ - ንዕብየት ትምህርትን ተመሃራይን ከምኡ'ውን ደረጃ ተመሃራይ ኣብ ክፍሊ ንምውሳን ምዝና ከምዝካየዱ ዝሓበረ መምህር ትኩእ፡ ብቐዓት ስርዓተ ትምህርቲ ንምውርጻጽ ርጡብ መምርሒታት ምዝና ምኽታል ወሳኒ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።


ስእሊ. ፊልሞን ትካቦ

ክኢላታት ስርዓተ ምዝና ብወገኖም፡ ተመሃሮ ዝቐሰምዎ ፍልጠት፡ ኣብ ምእካብን ምርዳእን ሓበሬታ ዘጥርይዎ ዓቕሚ፡ ከምኡ'ውን ዘማዕበልዎ ክእለታት ካብ ቀንዲ መለከዒታት ውጽኢት ትምህርቲ ከምዝኾኑ ብምብራህ፡ መምህራን ነዚም መረዳእታታት ኣብ ግምት ብምእታው ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ዝሕግዙ ዛዕባታት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ንምምዕባል ብቑዕን ዝተኣማምንን ስርዓተ ትምህርቲ ሓገዝቲ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሁብትዝጊ ኪዳን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝቐረበ መምርሒታት ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ንትግባረኡ ክነጥፋን መሪሕ ተራ መምህራን ክዓዝዝን ተላብዩ።

# ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ካብ 12 ክሳብ 29 ነሓሰ ኣብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻዪዱ።

በዚ መሰረት፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዋኳይ፡ ኩለንቴባይ፡ ታማራት፡ ኣዲባራ፡ ግርማይካ፡ ፈዳዳብ፡ ተልኣይ፡ ዓሌት፡ ሆሚብ፡ ሞሎቤር፡ ላዕላይን ታሕታይን ርብዳ፡ ከምኡ'ውን ክልተ ምምሕዳራት ከባቢ ሓውሲ ከተማ ፎርቶ-ሳዋ፡ ይኹኑናዮም ዝበልዎም ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን መሪጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ብጠቕላላ 6 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 28 ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተመሪጾም።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣረጋይ መብራህቱ፡ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ምርጫ ናይ ኣገልግሎት ግዜኦም ንዝኣኸለ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ብምትካእ፡ ህዝቢ ዝተማልአ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ባይታ ንምጥጣሕ ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ደቂኣንስትዮ ከም ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ምምራጾን፡ መርኣያ እናበረኸ ዝመጸ ንቕሓት ሕብረተሰብ ከምኡ'ውን ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ደቂኣንስትዮ ኣብ ምሕደራ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቶም ዝተመርጹ ንዝተሰከምዎ ሪዚን ሓላፍነት ተገንዚቦም ብትግሃትን ተወፋይነትን ክገልግሉ ኣተሓሳሰበ።

# እዚ ማእከል፡ ብሞያ ዘሰልጠኖም ልዕሊ 500 ኣባላቱ ኣመረቐ።

እዚ ማእከል፡ ኣብ ደቀምሓረን ዓላን ብሓሙሽተ ዓይነታት ሞያ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብሪን ዘሰልጠኖም 54 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 513 ኣባላቱ፡ ብ28 ነሓሰ ኣመረቐ።

ኣብ'ቲ ኣዛዚ እዚ ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ከምኡ'ውን ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ብሪጋደር ጀነራል ኣድም መሓመድ (ኮኮል) ዝተረኽቡሉ ኣብ ዓላ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ተመረቕቲ ብቴክኖሎጂ መራኸቢታት፡ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ምሕደራ ገንዘብን ስርዓተ ዕድጊን፡ ከምኡ'ውን ኣተሓሕዛ ንብረትን ኣጋር ሓኪምን ከምዝሰልጠኑ ተገሊጹ።

ድሌትን ተገዳስነትን ስልጠንቲ ካብ ቀንዲ ረቛሒታት ዓወት ናይ'ቲ ስልጠና ከምዝነበረ ዝጠቐሱ ኣካየድቲ፡ ደቂኣንስትዮ ንዝርኣይኦ ተወዳዳርነት መጉሶም።

ንደቂኣንስትዮ ሰልጠንቲ ብፍሉይ ዘተባበዐ ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግብራዊ ስራሕን ንጥበን ከዕምቕዎ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወኪል ተመሃሮ ካፒተን የማነ ወልደኣብ ንዝረኸብዎ ዕድል ድሕሪ ምምስጋን፡ እቲ ስልጠና ዝሃበሮም ሃንፋት ከለልዩን ስነ-ፍልጠታዊ ኣሰራርሓ ክኽተሉን ከምዝሕግዞም ብምሕባር፡ ብግብሪ ከምዝሰርሑሉ ቃል ኣትዮ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጾ 1284

# ባህላዊ ውድድራት፡ ኣብ ምውርራስ ክብርታትን ምዕቃብ ታሪኽን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ኣብ መንጎ ንኡስ ዞባታት ዝካየድ ባህላዊ ውድድራት፡ ኣብ ምንቕቓሕ፡ ምውርራስ ክብርታትን ምዕቃብ ታሪኽን ዕዙዝ ተራ ከምዘለዎ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ባህሊ ኣቶ ስራጅ ማሕሙድ ገሊጹ።

ብዞዕባ'ቲ ብክፍሊ ባህልን ስፖርትን ተወዲቡ ካብ 15 ክሳብ 27 ነሓሰ ኣብ መንጎ 16 ንኡስ ዞባታት ዝተኻየደ ውድድር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓደስቲ ወለዶታት ክእለቶም ዘዕብዩሉን ባህሎም ዝፈልጡሉን ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብተወዳደርቲ ልዕሊ ትጽቢት ዝኾነ ትሕዝቶታት ከምዝቐረበ ኣብሪሁ።

እቲ መድረኽ ኪኖ ምፍራይ ሓደስቲ ስነ-ጥበባውያን ዝኸይድ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ኣቶ ስራጅ፡ መበቈላዊ ባህላዊ ትሕዝቶታት ንምቕራብ ንዝተገብረ ጻዕርን ምድላዋትን ድሕሪ ምምጓስ፡ ንዝተዓወቱ ምትብባዕ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣነጺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣካላት ምስጋና ብምቕራብ፡ ንኡስ ዞባታት ኣብ መጻኢ ንዝካየድ ተመሳሳሊ መደባት ዓቢይን ክሰርሓሉ ተማሕጺኑ።

ሎሚ ዓመት ንኻልኣይ ግዜኡ ኣብ ዝተኻየደ፡ 16 ንኡስ ዞባታት ዝተሳተፍኦ ባህላዊ ውድድራት፡ ኣፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ ሽዱሽተ ድግማን ሰለስተ ሓደስትን ደርፍታት፡ ክልተ መዛሙር፡ ሰለስተ ግጥምታት፡ ከምኡ'ውን ሓንቲ ሓጻር ዛንታ ሒዞን ከምዝቐረባ፡ ካብ ክፍሊ ባህሊ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።


ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# ኣስማጥ፡ ኣብ ውጽኢት ተመሃሮ ምምሕያሽ ከምዝተራእየ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ብውሁድ ጻዕሪ ቤት-ትምህርቲ፡ መምህራንን ወለድን፡ ውጽኢት ተመሃሮ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ድማ ዓመት 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ናይ ዝሓለፉ ተመሃሮ ቁጽሪ ምስ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብ14 ከምዝለዐ በሪሁ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ መሓረና ተኽለኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምብራኽ ውጽኢት ተመሃሮ ዘላቕነት



ብፍላይ ምምሕያሽ ከምዝርኣየ፡ ብ28 ነሓሰ ኣብ ኣስኩዳ ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ተሓቢሩ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኢብራሂም እኩድ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ንምብራኽ ኣገባብ ብዝጸንሐ ጻዕርታት፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ሚእታዊት፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ድማ ብ3 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ 74.4 ሚእታዊት ከምዝነበረ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ድማ እናዓበየ ይመጽእ ንኽህልዎ፡ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ኣብ ንምዕባል ዝግበር ወፍሪ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ኣሕተዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣስማጥ ሽልማት ተዓዲሎም።

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ካብ ኣደንቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት



1. ኣብ 1800 ጆርጅ ሳልሳይ ዝተባህለ ንጉስ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ክልተ ግዜ ፈተነ ቕትለት ተኻየደሉ። ንሱ ኣብ ሓደ መናፈሻ ምስ ዓበራቱ እናተጓዕዘ ከሎ፣ ንዕኡ ዝተሓሰበት ጥይት ብቑሩብ ስሒታ ንሓደ ብድሕሪኡ ዝነበረ ሰብ ወቕዓቶ። ምሸት'ውን ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ትልሂት ከሎ፣ ሓደ ኣእምሮኡ ዝሰሓተ ወተሃደር ብጥይት ሰሓቶ።

2. ኣብ 1510፣ ዘራእቲ ስርናይ የፅንዋ ኣለዋ ዝተባህላ ኣናጹ ኣብ ፍርዲ ክቐርባ ተወሲኑ። ጠበቓአን ዝነበረ ባርቶሎሚው ቻሳ ኑተን ኣናጹ ኣብ ፍርዲ ምቕራብ ካብ ጸላእተን ዝኾኑ ድሙዙን ኣኽላባትን መጥቃዕቲ ክወርደን ከም ዝኽእል ተማጐተ። ድሕሪዚ እቶም ደያኑ ንጉዳይ ናይተን ኣናጹ ንዘይተወሰነ እዋን ኣናውሕዎ። ድሕሪኡ ግና ኣይቀጸለን።

3. ኣብ 2017 ሓደ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዓመት ዝለዎ ሓወልቲ ቡድሃ መርመራታት ንምግባር ናብ ሓደ ሆስፒታል ተወሲዱ። እቲ መርመራ ድማ ገለ ካብ ክፋሊ ኣካላት ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓወልቲ ዝነበረ ፈላሲ ከም ዝኸደለ ሓብሩ።

4. ሙብዝሕትና 'ውሸባ' ዝብል ቃል ኣብ ግዜ ኮቪድ-19 ዝሰማዕናዮ ቃል እዩ። እዚ ቃል ኣብ ከተማ ቬኒስያ (ኢጣልያ) ኣብ 14 ዘመን ዝተኣታተወ ኮይኑ ትርጉሙ ከኣ '40 መዓልታት' ማለት እዩ። ደቂ ቬኒስያ ኣብ ግዜ ጸለም ሞት፣ ኑቶም ካብ ካልእ ሃገራትን ከተማታትን ብመርከብ ዝመጽኡ ዝነበሩ ሰባትን ንብረትን ምስኣም ከይተሓወሰ ን40 መዓልታት ይውሸቦም ነበሩ።

5. ኣብ 1876 ቴሌፎን ዝመሃዘ ኣሌክሳንደር ግርሃም በል፣ ንሰላምታ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቃል 'ሄሎ' ዝብል ዘይኮነስ 'ኣሆይ' ዝብል እዩ ነይሩ።

6. ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ መራሒ ኩባ ምንባሩ ዝነገረሉ ፈደል ካስትሮ ልዕሊ 600 ግዜ ፈተነ ቕትለት እዩ ተኻይዱ። ብደቂ ሃገሩ ዝነበሩ ፖለቲካውያን መቀናቕንቱ፣ ዝተመረዘ መሐንበስ፣ ተተኳሲ ሽጋራን ካልእን ገለ ካብቶም ንምቕታሉ ዝተዋደዱ እዮም ነይሮም፣ ካብዚ ኹሉ ግና ክዕወት ዝኸኣለ ከም ዘየለ እዩ ዝገለጹ።

## ከምዚ'ውን ኣሎ




1. ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝርከቡ ኑር ዝተባህሉ ቀቢሉ፣ ኣብ ግዜ ብጽሕና መንእሰያቶም ዘካይድዎ ፍሉይ ዝበለ ጸንበል ኣለዎም። ኣብዚ ግዜ መንእሰያት ኣሰናኖም ክጸርቡ፣ ክምልኡን ከማራርዩን ኣለዎም። እቲ ዘገርም ግን እቶም ሰባት ዝጥቀምሉ ስሮንጠራዊ መሳርሒታት እዩ። እዚ ጸንበል ከም መሰጋገሪ ብጽሕና እዩ።

2. ካብ 16 ክሳብ 18 ዘመን መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ጥልያን ድምጾም ጥዑም እንተ ኾይኑ ኣብ ናይ ቤት ክርስትያን መንፈሳዊ መደባት ክሳተፉ ብዝብል ምኽንያት ካብ ዝኾነ ውልቃዊ ንጥፈታቶም ይውገዱ ነበሩ። በቲ ድምጺ መልኣኽ ከም ዝጥዕም ዝነገርም ጥዑም ድምጺ ከኣ ኣብ ኣብያተ ቤት ክርስትያናት ብመዘምር የገልግሉ ነበሩ።

3. ገለ ሰዓብትን ፈላስትን ቡድሃ፣ ሬሳታቶም ምስ ሞቱ ንዝሒሕ እዋን ክዕቀብ ብዝብል እምነት ንኣካላቶም ብጥሙቕትን ጸምኢን ይቐጽዕዎ ነበሩ። ስለዚ ኣብ ኣካላቶም ዝነበረ ኩሉ ስብሒ ምስ ተኣልየ ባዕሎም ብህይወቶም ከለዉ ኣብ ንእሽተይ መቓብር ይኣትዉ ነበሩ።

4. ኣብ ገለ ቀቢላታት ብራዚል ዘካይድዎ ጸንበል ብጽሕና ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ሓደ መንእሰይ ከም ብጹሕ ክሕሰብ እንተ ኾይኑ፣ ክልቲኦን ኣእዳዉ ኣብ ሓደ ብመርዞማት ጻጸ ዝመልኣ ከረጺት ብምእታው ነቲ ቃንዛ ክጸውሮ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ቃንዛ ኣእዳዉ ካብቲ ሳንጣ ምስ ኣውጽአ'ውን ን24 ሰዓታት ክጸንሕ ዝኽእል እዩ።

5. ኣብ ታይላንዳዊት ከተማ ሎፕቡሪ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ዝቖጸር ፈስቲቫል ኣህባይ ኣሎ። ኣብዚ ፈስቲቫል ንክቡራ እተን ኣህባይ ተባሂሉ ንሳተን ክበልዕኦ ዝኽእላ ኩሉ ዓይነት ፍሩታን ካልእ መግብን ይቐረበ። ነበርቲ ናይዚ ከተማ ከምኡ መግበራኦም ምኽንያት ክገልጹ ከለዉ፣ ኑተን ኣህባይ ምምጋብ ሃብትን ጸቡቕ ዕድላትን ከም ዘምጽኣሎም ስለ ዝኣምኑ እዩ። እተን ብኣማኢት ዝቑጸራ ኣህባይ ድማ ክንዳውንቲ ይኽደናን ፍሉይ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ይግበረለን።



6. ኣደታት ከተማ ስፓርታ (ግሪኽ) ንደቀን ንኩናት ንምድላው ብዝብል ምኽንያት ዓው ኢለን ዝጠኽያሉን ዘልቅሳሉን መዓልቲ ኣሎ። እቲ ድምጺ ልቕሶ ካብ ምብርትዑ እተላዕለ ኣብ ጎረባብቲ ከተማታት ከይተረፈ እዩ ዝስማዕ።

7. መንእሰያት ሻናቱ ከም ምልክት ብጽሕና ብዓበይቲ ኣቦታቶም ጫፍ መልሓሶም ኣብ ክልተ ክቑረጽ ኣለዎ። እዚ ኣቐንዛዊ መስርሕ ግና ከም ምልክት ስብእና እዩ ዝቑጸር። እዚ ምልክት ትብዓት ዝኾነ መስርሕ ድማ ንመላእ ህይወቶም ምስኦም ከም ዝጎዓዝ እዮም ዝኣምኑ።

## ካብ ስግንጢራውያን ሕግታት



• ኣብ ሃገረ ሳሞኣ ዕለተ ልደት ሰበይትኻ ምስ እትርስዕ ከም ገበን ስለ ዝቑጸር ሕጋዊ ስጉምቲ እዩ ዝውሰደልካ።

• ኣብ ስኮትላንድ፣ ሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ማዕጾ ገዛኻ ብምኹሕኳሕ ዓይኒ ምድርኻ ክጥቀም እንተ ሓቲቱካ ከተፍቅደሉ ዘገድደካ ሕጊ ኣሎ።

• ብመሰረት ኣብ 1992 ኣብ ሲንጋፖር ዝወጸ ሕጊ፣ ብሕክምናዊ ምኽንያት ዝተፈቕደልካ እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ጎደናታት ከለኻ ማስቲካ ምሕያኽ ብሕጊ የቐጽዕ።

• ኣብ ታይላንድ፣ ካብ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ ጥራይ እዩ ኣልኮላዊ መስተ ክትገዝእን ክትሰትን ዝፍቀድ። ካብዚ ሰዓታት ወጻኢ መስተ ሒዙ ዝተረኽበ ሰብ ግና ተሪር መቕጻዕቲ እዩ ዝበጽሖ።

• ኣብ ጃፓን፣ ብመሰረት ሓድሽ ዝወጸ ሕጊ ሰባት ልዕሊ ንብርር ክገዝፉ የብሎምን። ደቂ ተባዕትዮ ሰፍሓት ማዕጥቖኦም ካብ 85 ሰንቲ ሜተር፣ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ካብ 90 ሰንቲ ሜተር ክሓልፍ የብሉን።

• ኣብ ግሪኽ፣ ኣብ ውሽጢ ቤት መዘከርን ከባቢኡን ታኬት ዘለዎ ጫማ ገይርካ ምንቅስቓስ ፍቑድ ኣይኮነን። እዚ ሕጊ፣ እቶም ባህላውያን ቅርስታት በቲ በሊሕ ጫማ ከይህሰዩ ብምባል ዝተዳለወ እዩ። ስለዚ ብፍላይ ናብ ከተማታት ስታገሩ ኣልንቲሰን ቱሮኗን ኣብ እትበጽሓሉ እትለብሶ ጫማ ኣዚኻ ክትጥንቀቐ ኣለካ።

## ብዛዕባ 'ግዜ' ካብ ዝተባህለ



• "ንግዜና ከም ግሓደር እንተዘይክኢልና ካልእ መዳይ ሂወትና'ውን ከም ግሓደር ኣይንኽእልን ኢና።"

• "ኣብ ጉዕዞ ህይወት፣ ናይ ህይወትካ ዓመታት ዘይኮነስ፣ ትርጉም ናይ ዓመታት ህይወትካ ምፍላጥን ምርዳእን እዩ ኣገዳሲ።"

• "ኣብ ህይወቱ ዝግደሰን ሓቀኛ ፍረ ዘለዎ ናብራ ክነብር ዝደሊን ሰብ፣ እቲ ትርጉም ግዜ ዝርድእን ብግዜ ዚያዳ ዝግደሰን እዩ።"

• "ህይወት ምሉእ ትርጉም እትለብስ፣ ኣብ እንውጥኖ መደባትን እንሕንጽጾም ዕላማታትን ዓወትን ኣሳልጦን ምስ እንረክብ እዩ።"

• "ግዜ ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ኣይጥምትን እዩ። ስለዚ ክሳዕ ሕጂ ብኸንቱ ዝሕለፍካዮ ግዜ እንተኣሕዚንካ ኑቲ ኣብ ምሕዛንካ ተጥፍኦ ግዜ ትኸስሮ ኣለኻ እሞ፣ ንቕድሚት ጠምት እምበር ደው ኣይትበል ወይ ንድሕሪት ቁሊሕ ዘይምባል። ግዜን ውሕጅን ሓደ እዮም።"

• "ግዜ ብግቡእ ንዘጥቀመሉ፣ እናሻዕ ዝበርክት መኽሰብ እዩ። ብሸለልትነት ንዘባኸኖ ድማ፣ ኣብ ምሉእ ዕድመ ዘይክፈል ዕዳን ተጣዒሱካ ዘይምለስ ክሳራን የስዕበሉ።"

• "ግዜ ብጉዝኣ ርእሱ ወላ ሓደ ነገር እኳ እንተዘይኮነ ኑቲ ሓንሳእ ምስ ሓለፈ ክምለስ ዘይክእል ግዜ ብግቡእ ተቐጻጺርካ፣ ኣብ መዓላ ክተውዕሎ ምኽኣል ግና ግቡእ ኣጠቓቕማ (ምሕደራ) ግዜ እዩ።"

• "ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃም ናይ ለባማት ባህሪ እዩ።"

• "ግዜኻ ብግቡእ ንምጥቃም ትግሃትን ጥንቃቐን የድሊ።"

• "ኣብ ዘይመደብካን ዘይግዜኡን ንዘመጸካ መደብ ምእንቲ ግዜ ኢልካ ንምንጻግ ተባዕ ኩን።

# “ንጀርዲን ከመይ ቀኒኺ ዘይኰኑ ከመይ ሓዲርኪ ክትብላ ይግባእ” - ኣብነታዊ ሓረስታይ ሽሻይ ስዩም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ
ስእሊ - ክብሮም ጸሃዬ





ኣብ ዓዲ ወገራ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ዝተወልደ መም. ሽሻይ ስዩም፡ ሓደ ካብ ኣብነታውያን ሓረስቶት ሃገርና እዩ። ኣብ መስኖ ካብ ዝሰርሕ ኣስታት 20 ዓመት ኣቝጺሩ ኣሎ። ንሱ ዘፍርዮም ኣሕምልቲ- ድንሽ፡ ጎዕ በርበረ፡ ካውሎ፡ ሳላጣን ኮሚደረን እዮም። ካብኡ ናብኡ ብዝለዓለ ደረጃ ዘፍርዮ ድማ፡ ድንሽ እዩ። ኣብ ዓመት 2016- 2017 ብ13 ኲንታል ዘርኢ ድንሽ 265 ኲንታል ክሓፍስ ብምኽኣሉ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ ተባሂሉ ብደረጃ ሃገር ተሸሊሙ እዩ።

ንኣጀማምራኡ ብዝምልከት ክገልጽ እንከሎ፡ “እዚ ስራሕ ብንእሽተይ’የ ጀሚረዮ። ጽቡቕ እቶት ምስ ረኸብኩሉ፡ ክቕጽሎ ተተባቢዐ። ተመሃራይ ኮለጅ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ እታ ናይ ጀርዲን ቦታ ብጨረታ ምስ ተዓወትኩ፡ ትምህርቲ ኮለጅ ገዲፈ’የ ስራሕ ጀርዲን ጀሚረ” ብምባል እዩ ዝገልጽ።

ኣብ’ቲ ፈለማ ሓዳሩ ዝወጽኣሉ ዝነበረ ግዜ፡ ናይ ስድራኡ ሞተረ ስለ ዝነበረት፡ ብዙሕ ከይተሸገረ’ዩ ስራሕ መስኖ ጀሚርዎ። ኣብ’ዚ ሕጂ ግዜ ካብ እትዋት ጀርዲን ብዘዋህለሎ ገንዘብ ዝጥረየን 4 ሞተረ ገይሩ’ዩ ነቲ መስኖኣዊ ንጥፈታት ዘሰላስሎ ዘሎ።

ኣብ ኣጀማምራ ምፍራይ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ኣመልኪቱ፡ “ኣብ’ቲ ዞባዶ ዝነበርኩ ናይ መስኖ ንጥፈታት ጽቡቕ ውጽኢት እናረኸብኩ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበርኩ፡ ኣብ 2016 ናብ ምፍራይ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ እየ ተሰጋጊረ። ቅድሚ ድንሽ ምጅማረይ ኤኾትረ ዝዓይነታ ናይ ጽዕነት ማኪና ዓዲጉ ጉዛይ ስራሐ ጥራይ ዘይኰንኩ፡ ንስድራይ’ውን ጽቡቕ ይኣልየም ነይረ። እታ ዝዞኣኩዋ ማኪና ኣብ ንጥፈታት መስኖ ጽቡቕ ሓጊዛትኒ እያ” ብምባል እዩ ንዝዘተግናጸፎ ገሲጋስ ዝገልጽ። ብሓፈሻ ጀርዲን ብዮዝኡ እንተ ኣማሓዲርካዮ ናይ ለውጢ ስራሕ ምንጪ እዩ ካብ ተመኲሮኡ ተበገሱ ዘበርህ።

ዘልምዮ ዘሎ መሬት ክራይ ኲዩኑ፡ ስፍሓቱ 3 ሄክታር ኣቢሉ ይበጽሕ። ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ መድሃኒትን ምኽርን ከም ዝወሰድ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዞባዶ ንጥፈታት መስኖ ዕዙዝ ግደ ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ። ሓንቲ ኲንታል ድንሽ ምስ ተዘርአት ካብ 20 ክሳብ 22 ኲንታል ከም እትፈርየሉ ጠቒሱ፡ ንቐረብ ማይ ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ፡ “መንግስትና ኣብ ፈቐዶ በሮኻ ዲጋ ይሰርሕ ኣሎ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሓረስቶት ኣዚና ኢና ንመንግስትና ነመስግኖ። ብሓፈሻ ኣብ’ዚ ከባቢና ሽግር ናይ ማይ የብልናን” ክብል ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ከባቢ ናይ ዛሕሊ ወቕቲ ዝበዝሕ ካብ ወርሒ ታሕሳስ ክሳብ መወዳእታ ጥሪ እዩ። ኣብ ግዜ ክሊማ ናይ’ቲ ከባቢ ንድንሽን ካልኦት ኣሕምልትን ምቹእ እዩ። “መሬትና ዱኻ ብምዃኑ ዚያዳ ባህርያዊ ድኹዒ የድልዮ። ብባህርያዊ ድኹዒ ጽቡቕ ገይርካ እንተ ኣፋኺስካዮ ጽቡቕ እዩ ዝመጽእ። ጽቡቕ ምህርቲ ከኣ ይህብ” ብምባል የረድእ።

ዝርኢ ድንሽ ኣመልኪቱ፡ “ድንሽ ኣብ ፍርያት ምስ በጽሐ እቲ ዝርኢ ዝኸውን ንበይኑ ኢና ንፈልዮ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ’ቲ ባዕልና ንበቑሎ ዘርኢ ድንሽ ብዝጸፈፈ ስለ ዝሕዝዎ፡ ተወሳኺ ካብ እንዳ ሕርሻ ኢና ዘርኢ ድንሽ እንወስድ” ክብል ጠቒሱ። ብዘይካ’ዚ፡ ጸረ ባልዕ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ዝምጽኡ እዩ ዝገልጽ። ሳላ ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተጸግዐ ብፍልጠትን ብቐረብ መድሃኒትን ከም ዝሕገዙ የረድእ።

ኣብነታዊ ሓረስታይ መም. ሽሻይ ስዩም ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ። ንኻልኦት’ውን ዕድል ስራሕ ፈጢሩ ይርከብ። ኣብ ግዜ ሓጋይ፡ ብትራክተር ዝሓርስ ኮይኑ፡ ካብኡ ንደሓር ዘሎ ግዜ ድማ ብበዕራይ ይሓርስ።

ስራሕ መስኖ ምስ ደቁን ካልኦት ሸቃሎን ወሲኹ የሰላስሎ። ንሓንቲ ግራት ኣብ ዓመት 3 ግዜ ይጥቀመላ። ዑደት ዘርኢ ኣብ ምኽዕባት እቶት ኣገዳሲ ምዃኑ ከኣ የብርህ። ኣብ ድንሽ ዑደት ዘርኢ ወሳኒ እዩ። ድንሽ ትዝራእ መሬት ሰለስተ ግዜ ክትሕረስ ኣለዋ ብምባል ተመኩሮኡ የካፍል።

ስራሕ መስኖ ናይ ገዛእ ርእሱ ስሕበት ከም ዘለዎ’ዩ ዝሕብር። ንሱ’ዩ ድማ ምስጢር ናይ’ቲ ካብኡ ከይተፈልየ ለገቡ ክሰርሕ ዝድርኾ። “ጀርዲን ከመይ ቀኒኺ ዘይኰኑ ከመይ ሓዲርኪ ክትብላ ይግባእ። መበዝሕትኦም ሓረስቶትና ጽቡቕ ክሰርሑ ጸኒሖም ኣብ መንጎ ሓደ ሰሙን ጥፍእ ምስ በሉ፡ ግራቶም ሕማም ሒዝዋ ይጸንሖም። ማይ’ውን ይጸምእ። ኮታ ንኹሉ ጸገማት እዩ ዘቓልዕ። ጀርዲን ደሓንዶ ሓዲርኪ እንተ ኢልካያ ግን ኩሉ ነገራታ ኣለሊኻዮ ኣለኻ።

ብፍላይ ድንሽ ተኣፋፊ እዩ። ‘ሪዶሚል’ (Ridomil) ጸረ ፋንጋስ መድሃኒት ንተኸሊ ድንሽ ከሕውን ክከላኸለን ስለ ዝኽእል፡ ቀጻሊ እየ ዝጥቀመሉ።” ብምባል ይገልጽ።



መም. ሽሻይ ንሓረስቶት ተመኩሮኡ የካፍል ጥራይ ዘይኰነ ዘርኢ ድንሽ እውን ይህብ እዩ። ንሱ ናይ መጻኢ መደባቱ ኣመልኪቱ፡ “እቲ ብሞተረ ዘሎ ናብ ጸሓያዊ ጸዓት ከማዕብሎ መደባት ኣለኒ። እቲ ምንታይሲ ብውሑድ ወጻኢ ብዙሕ ኣታዊ ንምእታው ሓጋዚ ስለ ዝኾነ። ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ’ውን ከም መደብ ሒዘዮ ኣለኹ” ክብል ይገልጽ። ዝኾነ ተኽሊ ከም ቈልዓ ምክትታል ይደሊ። ኣብ መንጎ ክትገድፎ የብልካን። እንተ ደኣ ድፍእ ኢልካ ሰሪሕካ ከኣ ውጽኢታዊ እዩ። “ስለዚ ሓረስቶት ሃገርና ኣብ ውጽኢት ክበጽሑ፡ ድፍእ ኢሎም ክሰርሑ ኣለዎም” ብምባል እዩ ተፋንዩና።

# ኣብነታዊ ኣርባሒ ንህቢ ስዒድ መሓመድ ኢብራሂም





ኣቐዲሙ ኣብ ማሕረስ ዝሰርሕ ዝነበረ ስዒድ መሓመድ፡ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዝተኰረ መደባት ኣብ ቴለቪዥን ክከታተል ምስ ጀመረ’ዩ ዝያዳ ኣፍልጦኡ ክዓቢ ዝጀመረ። ኣብ 2017 ከኣ ብ 5 ባህላዊ ቆፎ ኣብ ቶኾንዳዕ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ንህቢ ክረብሕ ጀሚሩ። ወላዲቱ ንስዒድ ኣብ ባህላዊ መፍረ ንህቢ ደሓን ዝኾነ ተመኩሮ ስለ ዝነበራ፡ ንኽጅምር ጽልዋ ኣሕዲራትሉ እያ።

ስዒድ ንኣጀማምራኡ ኣመልኪቱ፡ “ኣብ’ቲ ዝጀመርኩሉ ግዜ ክራማት ጽቡቕ ነይሩ። ጽቡቕ ውጽኢት ስለ ዝረኸብኩ ከኣ ዝያዳ ኣበርቲዐ ንኽሰርሕ፡ ተተባቢዐ። ካብ ሓሙሽተ ቆፎ ንህቢ ናብ 20፡ ካብ 20 ቆፎ ንህቢ ድማ፡ ናብ 50 እናበልኩ ኣብ’ዚ ሕጂ ግዜ 130 ቆፎ ንህቢ በጺሐ ኣለኹ” ብምባል’ዩ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዘርኣዮ ለውጢ ዝገልጽ። ንሱ ሊይትን መዓልትን ግዜኡ ምስ ንህቢ ስለ ዘሕልፍ፡ ዝያዳ ተመኩሮ ደሊቡ ኣሎ። ካብኡ’ውን ቅድመኡ ዝነበሩ ኣርባሕቲ ንህቢ’ውን፡ ብዙሕ ተመኩሮ ከም ዝቐሰመ’ዩ ዝገልጽ። ብዘይካ’ዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ’ውን፡ ብዙሕ ኣስተምህሮ ከም ዝሀቦም የረድእ።


“ወላዲየይ ንህቢ ከፍሪ’የ ምስ በልኩዎ ብዙሕ ኣይደገፈንን፡ ምስ ግዜ ውጽኢቱ ምስ ረኣየ ግን፡ ክተባብዓኒ እዩ ጀሚሩ። ስለዚ ካልኦት ከምዚ ዓይነት ንጥፈታት ክጅምሩ ዝደልዩ መንእሰያት ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣለዎም” ክብል ተላቢዩ።

ቆፎ ንህቢ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምኪና እናንቀሳቐሰ እዮም ዝሓሸ ቦታ ኑቶም ኣናህብ ዝመርጽሉ። ስዒድ ኣብ ህይወቱ ብዙሕ ለውጢ ከም ዝገበረ’ዩ ዝገልጽ። ህይወቱ ብጽቡቕ እናመርሐ ካብ ሸያጥ መዓር ብዘዋህለሎ ገንዘብ ንስርሑ ሓጋዚት ዝኾነት መኪና’ውን ዓዲጉ ኣሎ። ብዓቢኡ ንህቢ ከም ሓደ ትካል ምንጪ’ዩ ዘበርህ። በቲ ዝጥረዮ ተመኩሮ’ውን፡ ቆፎ ንህቢ ባዕሉ ከም ዝሰርሕን ንጀመርቲ ሰራሕ ከም ዝሸይጥን ይገልጽ።

ሎሚ ዓመት ዋሕዲ ክራማት’ኳ እንተሎ ዝሓሸ ቦታ እናመረጹ ኑቶም ንህቢ ብዘበለጸ ይሕዝዎም ኣለዉ። “ኣብ ዝሓለፈ ብዙሕ ማይ ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ማለት ዊዓ ምስ ወሰድክዎም ናይ ኣጋጣሚ ኣብ’ታ ዝኸድኩላ መዓልቲ ብዙሕ ማይ ወቒዑ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ዘይኣክል ጽቡቕ ምህርቲ መዓር በርቢረ” ክብል ምቅይያር ቦታ ውጽኢቱ ልዑል ምኻኑ የረድእ።

ስዒድ፡ “ንህቢ ጥዑመኛ እዩ። ዝበላዕ ምስ ዘይህልዎ ሰራዊቱ ኣየብዝሕን እዩ” ብምባል እዩ ንንህቢ ዝገልጾ። ጽቡቕ ዝበላዕ ምስ ዝህሉ ከኣ፡ ሰራዊቱ ኣብዚሑ ኣይጽገምን። ንህቢ ግዜ የንብብ እዩ። ብኣንጻር ናይ’ዚ ዝተጠቕሰ ኣብ ጽቡቕ ክራማት እቲ ንህቢ ይኸድል እንተሎ፡ ጸገም ኣለዎ። ገለ ካብ’ቲ ጸገም እታ ንግስቲ ክትሓምም ትኽእል’ያ። ንህቢ ኣብ ጽቡቕ ክራማት ንመዓልቲ ክሳብ 2500 ዕጾ ፈርዩ’ዩ ዝውዕል። እታ ንግስቲ ምስ ትሓምቕ ኣውጺእካ ብምድርባይ፡ ብኻልእ ምትካእ ገለ ካብ’ቲ ዝጥረየዎ ተመኩሮ እዩ።

ስዒድ ንጀመርቲ’ውን ተመኩሮኡ የካፍልን የተባብዖን እዩ። ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ መዓር እጃሙ ኣብ ምብርካት ይርከብ። ንኪሎ መዓር ብጅምላ ካብ 100 ክሳብ 120 ናቕፋ ኣቢሉ ይሸይጥ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ኣብ ዝሓለፉ ሕታማት ካብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ክፍሊ. ህዝባዊ ምምሕዳርን ክፍሊ. ቁጠባን ምስተን ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደራ ዓሰርተ ኮሚሽናት ርኢና ኒየርና። ኣብዚ. ናይ ሎሚ ሕታምና ድማ፡ ንክፍሊ. ሓለዋ ጥዕና ክንርኢ. ኢና፥

7ይ ክፋል

### 3. ክፍሊ. ሓለዋ ጥዕና፦

ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጥዕና ህዝቢ. ንምሕላው፡ ኣሸንባይ ብረታዊ ቃልሲ. ንዘካይድን ምስ ሕጽረታት እናተቓለሰ ዝሰርሕን ውድብ፡ ኣብ ንብርር ኮነታት እኳ ከቢድ ዕማምን ብድሆን እዩ። ህዝቢ. ኤርትራ ዝነበሮ ቁጠባዊ ኮነታት፡ ዘጓንፎ ዝነበረ ባህርያዊ ጸገማት (ከም ደርቂ ዝኣመሰለ)፡ ቀጻሊ. ኲናት፡ ጽኑሕ ልምድታት፡ መግዘኢታዊ ናይ ጥዕና ሜላታት ሕክምናን ኣፈዋውሳን ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ምምዕባል፡ ጥዑያት ዜጋታት ንምህናጽ ናይ ስፖርት መደብራት ምኽፋት ዝብሉ ሸቶታት ሒዙ ሕክምናዊ ንጥፈታቱ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ይህብ ነበረ። ኣብ ህዝቢ፡ ማእከላይ ሆስፒታል፡ ዞባዊ ሆስፒታል፡ ማእከል ጥዕና፡ መደበራት ጥዕና፡ ሕክምና ገጠር (ልምዳውያን መሕረስትን ናይ ገጠር ሓካይምን) ወዘተ፡ እናበለ ብምውዳብ ኣበርቲዑ ሰርሓሉ። ትካላት ጥዕና ኣብ ኩለን ሓራ ከተማታትን ገጠራትን ግቡእ ኣገልግሎት ከም ዝህባን ከም



ወዘተ፡ ኮነታት ጥዕናኡ ኣብ ዝበኣሰ ከም ዝወድቕ ገይሩዎ እዩ። በዚ. መንጽር ከኣ፡ ዘድልዩዎ ዝነበሩ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

ህዝባዊ ግንባር ኣገልግሎት ሕክምና ብናጻ ከም ዝወሃብን ናብ ምሉእ ህዝቢ. ከም ዝባጻሕን፡ ሆስፒታላትን መደበራት ሕክምናን ብምምስራት ሕማማት ምጥፋእ፡ ናይ ሃገር ልምዳዊ ኣገባብ ዝዓብያን ገበረ።

ተንቀሳቓሰቲ ኢጋር ሓካይም'ውን ናብ ኩሉ ኩርናዓት ኤርትራ ብምዝርጋሕ፡ ንህዝቢ. ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ሓያል ጻዕሪ የካይዱ ነበሩ። ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ንጥዕናዊ ንጥፈታት ከም ዝውሰን እኳ እንተ ገበሮ፡ ጸኒሑ ኣብ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ቦታታት ሆስፒታላትን መደበራትን እናተመስረታ ክሰፍሓ ክኢለን እዮን።

ኣብ እዋን ቃልሲ. ብዓውዲ ሕክምና ዝተማህሩ ክኢላታት ናብቲ ሰውራ ብብዝሒ. ስለ ዝተጸንበሩ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ብዓይነት'ውን ክዓቢ. ከኣለ። ሕክምና ህዝባዊ ግንባር ጽልዋኡ እናዓበየን ብቕዓቱ እናተመስከረን ብምምጽኡ፡ ህዝቢ. ጸላኢ. ካብ ዝቈጻጸሮ ቦታታትን ሃገር ሰደትን ከይተረፈ. እናመጸ ይሕከም ነበረ።

ሜላታት ምክልኻል ንምዕባይ፡ ጥዕናዊ ንቕሓት ክብ ንምባል፡ መደባት ትምህርቲ ተሰሪዖም ማዕረ-ማዕረ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይወሃቡ ነበሩ። መጽሓፍቲ፡ መጽሔታትን ጽሑፋትን እናተሓትሙ ከኣ፡ ኣፍልጦ ሕክምና ህዝብን ተጋዳላይን ከም ዝዓቢ. ገይሮም እዮም። መሰረታውያን መድሃኒታት ኣብ ውሽጢ. ደጀን ንምፍራይ ትካላት መፍረ-መድሃኒት ምቛሙ ድማ፡ ሓደ ካብ ኣደነቕቲ ምዕባለታት ሜዳ እዩ ነይሩ።

ኣብ ሰራዊት'ውን ካብ ማእከላይ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ክሳብ ጋንታ ዝወርድ ኣገልግሎት ጥዕና ነበረ። እቲ ኣብ ዓውደ-ኲናት ዝናብራኡ ህዝባዊ ሰራዊት ሰኣን ሕክምና ከይሰዋእ ሓካይም ውድብ ብዙሕ ተኣምራታዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ሂቦም እዮም። እዚ. ክፍሊ.'ዚ. ህዝባዊ ግንባር ዝለዓለ ገስጋስ ዘርኣየሉ ክፍሊ. ነይሩ።


ስለዚ. ብኽምዚ. ዝረኣናዮ፡ እቲ ኣብ እዋን ሰውራ ብትሑት መሳርሒታትን ብኢጋር ሓካይምን ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብን በዓትን ዝፈለመ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ሰውራ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፍሐን እናማዕበለን ከይዱ። ምዕቡል ሕክምናዊ መጥባሕቲ ዝጉብር፡ ምዕቡል ላባራቶሪታትን ኤክስረይን እናተጠቐመ፡ ንህዝብን ተጋደልትን ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ



ካብ ሱዳን ከይተረፉ ክሕከሙ ናብ ሆስፒታላት ሰውራ ዝመጽኡ ሲቪል ይሕከም ነበረ። እዚ. ክፍሊ. ሓለዋ ጥዕና'ዚ. ካብ ባዶ ተበጊሱ ናብ ዝለዓለ ጫፍ ዝበጽሐ እዩ። እዚ. ድማ መርኣያ ናይቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓለዋ ጥዕና ዝነበሮ ንጹር ራእይን ፖሊሲን'ዩ።



## ካብ ሰነዳት ስእልታትና




እዚ. ኣብ ስእሊ. ንርእዮ ዘለና፡ ኣካል ናይቲ ተጋዳላይ ፍልጠቱ ኣብ ኩሉ መዳያት ክብ ክብል ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ዝጉብሮ ዝነበረ መደባት ትምህርቲ'ዩ። ብፍላይ እቶም ደሓን ዝኾነ ፍልጠት ሕክምና ዝነበሮም ሓካይም፡ ነቶም ካብኦም ዝትሕቱ ከም ኢጋር ሓካይም ወይ ተሓጋገዝቲ ብቐጻሊ. እናማሃሩ፡ ፍልጠቶም ክብ የብሉሎም ነበሩ። እዚ. ኣብ ሰሌዳ ብጽሑፍን ስእልን ንርእዮ ዘሎና ትምህርቲ ድማ፡ ሕክምናዊ መዳይ ተጋደልቲ ንምምዕባል ዝካየድ ዝነበረ ጭቡጥ ኣብነት ናይቲ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ. ኣብ ምምዕባል ሓለዋ ጥዕና ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪ'ዩ።

ስለዚ. ኣብ እዋን ሰውራ፡ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ወይ ምጥፋእ መሃይምነት ጥራይ ዘይኮነ፡ እቶም ሃንደሳ ነቶም ሓደስቲ መባእታዊ ትምህርቲ ሃንደሳ ይምህሩ። እቶም ከቢድ ብረት ፍልጠት ኣባላቶም ክብ ንምባል ብቐጻሊ. ትምህርታዊ ንጥፈታት የካይዱ። እቶም ሓካይም ድማ፡ ከምዚ. ንርእዮ ዘሎና ነቶም ትሑት ፍልጠት ሕክምና ዝነበሮም ኣባላቶም ይኹኑ ካልኦት ካብ ደጀንን ግንባርን ዝመጽኡ ኣባላት ናይ ካልእ ኣሃዱታት ኣብ ምምሃር ይጽዕሩን ከም ፍረ ጻዕሮም ድማ ይዕወቱን ነበሩ።

## መልሲ. ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት

1. ኖቕፋ 22 መጋቢት 1977
2. መ/ መንደፈራ ዓዲ-ኳላ
3. ለ/ ምድምሳስ ናደው እዝ መጋቢት 1988
4. ሐ/ ሓራስ ሓርማዝ
5. ሐ/ ሻባይት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት ሞለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company are looking for applicants for the following position: -

**Position: Recreation and Wellness Supervisor**
**Department: ES- Village and Services**
**Type of Contract: Indefinite**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Recreation and Wellness Supervisor direct all fitness, sports, leisure, and retail amenities at the remote mining camp. Operating as the on-site "Sport Master," this role drives camp-wide wellness programs to maximize worker morale and physical health. Key responsibilities include comprehensive sports tournament planning, gym facility modernization, and the daily supervision of the camp pub and retail shop to reduce worker fatigue and isolation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Administration & Camp Support (Sport Master Duties)
- Gym Modernization & Facility Maintenance
- Wellness & Workforce Fitness Promotion
- Retail & Pub Operations
- Inventory Control & Supply Chain
- Health, Safety, & Environment (HSE)

**Unique Requirements / Other Information**

- Must be willing and physically fit to work on remote, isolated mining camp rotations.
- Absolute financial accountability: Immediately report any Cash and Stock shortages to the Superintendent

| **Qualifications:** | |
|---|---|
| Diploma in Business Management | |
| A Certificate in Fitness, a recognized personal training certification, or a degree/certificate in Sports Science. First Aid and CPR/AED certification. | |
| **Knowledge and Experience**: | |
| Minimum of 3-5 years' experience in recreation, gym, sports administration, hospitality or corporate wellness environment. | |
| Previous experience organizing structured sporting activities, leagues, and tournaments. | |
| Deep knowledge of modern gym equipment functions, sports rules, and basic nutritional diets. | |
| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate) | High emotional intelligence and remote camp adaptability |
| Event planning and organizing skills | Strong interpersonal, interaction, and teamwork skills |
| High level of personal physical fitness | Professional communication (English and Local language) |
| Knowledge of Health & Safety Procedures (FLRA) | Exemplary personal hygiene and grooming habits |
| Facility and inventory administrative skills | "Behave like an owner" mentality |
| Customer service and hospitality ethics | High adaptability for extended isolated rotations |

General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.
- Type of Contract: Indefinite

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to: -
Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to:

1. Aliens Employment permits Affairs,
P. O. Box 7940
Asmara, Eritrea.
2. Mineral Resources Management
P. O. Box 272 Asmara, Eritrea

## Notice

Notice is hereby given to the public that **Hamassien Import-Export PLC** has conducted its extra ordinary meeting on 24/08/2026 and resolved that:

A. Five shareholders namely - 1. Kidane Tesfamichael 2.Rahel Tesfamichael 3.Tigsti Tesfamichael 4.Agazit Tesfamichael 5.Maedot Tesfamichael each have donated and transferred 10 shares at par value 1,000 Nakfa to Freweyni Tesfamichael and 2 shareholders namely- 1.Tomas Gebremeskel 2.Milka Gebremeskel each have donated and transferred 5 shares at par value 1,000 Nakfa to Ferweyni Tesfamichael, and they have withdrawn from the company donating all their shares.

B. Freweyni Tesfamichael has increased her shares from 70 to 240 by contributing 170,000 Nakfa, and Yofthie Tesfamicahel has increased his shares from 20 to 50 by contributing 30,000 Nakfa; hence the capital of the company to rise from 100,000 (one hundred thousand) Nakfa to 300,000 (three hundred thousand) Nakfa.

C. Hence, the new shareholdings of the company will be as follows.

| Name | No. shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|
| 1. Semeraeb Tesfamichael | 10 | 10,000 |
| 2. Freweyni Tesfamichael | 240 | 240,000 |
| 3. Yoftahie Tesfamichael | 50 | 50,000 |
| Total shares | 300 | 300,000 Nakfa |

**Hamassien Import-Export Plc.**

# ባህልን መንነትን

ሉል ተሰፋይ

ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ኩነት-ኣእምሮ ሰባትን ሕብረተሰባትን ንምድህሳሱ ኑቲ ዕለታዊ ዘዘውትርዎ ቅዲ ህይወት ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሕብረተሰባት ዝሃንጽዎ ኣረኣእያን ኣመለኻኽታን ብመሰረሕ ምምሕባር፡ ኣብ ዝሓልፈሉ እዋናት፡ ኣካል ኩነት ኣእምሮ ናይ ምኳን ተኽእሎኡ ዕዙዝ እዩ። በዚ መሰረት ሕብረተሰባት፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ዘንጸባርቅዎ ባህርን ኣተሓሳስባን፡ ወጽኢት ኣብ ኑብሶም ዘለዎም ግንዛበን መረዳእታን ምኳኑ ይጥቀስ።

ውሽጣዊ መንነት ሰባትን ሕብረተሰብን፡ ኣብ ባህርያት፡ ኣተሓሳስባ፡ ስምዒታት፡ እምነት፡ መትከላት፡ ባህሊ፡ ክብርታት መሰረት ገይሩ ይህነጽ። እዚም ኩሎም ንመሃንነት ውልቀሰብን ሕብረተሰብን ፡ ኣብ ምምእዛንን ምቕራጽን ተራ ዘለዎም ኣምራት፡ ኣገደስቲ ብምዃኖም፡ ኣብኦም ዝህሉ ግንዛበን መረዳእታን ኣብ ምፍጣር ማሕበራዊ ስርዓትን ማሕበራዊ ቅርጽን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ወሳኒ ተራ ይጻወቱ።

ክብርታት ንሕብረተሰብ ከም መጣበቒ ጠሚሮም ብምሓዝ ማሕበራዊ ቅርጹ ሓልዩ ክኸይድ ዘኽእሉ ጠቐምቲ ኣምራት እዮም። ብዘይካ'ዚ ክብርታት፡ ሓፈሻዊ መምርሒን መወከስን ማሕበራዊ ስነ ምግባር ብምዃኑ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ሕብረተሰብ ወሳኒ ግደ ይጻወቱ።

ኣብ ሕብረተሰብ ሕማቕ ተባሂሉ ዝውሰድ ባህርያት ከም ሕርቃን፡ ልኡምነት፡ ሓሸሽነት፡ ክፍኣት፡ ተንኮል፡ ምዝውታር ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን፡ ዝሙት፡ ቅትለት፡ ምትላል፡ ወልፍታት ወዘተ ዝኣመሰሉ ባህርያት ዝውንኑ ሰባት፡ ምስ ክብርታትን ባህልን ዝገራጮ ተግባራት ስለ ዘተግብሩ፡ ካብ ሕብረተሰብ ንዚጋጥሞም ማሕበራዊ ተነጽሎ ሰዒቡ፡ ሱባኣዊ መንነቶም ብኣሉታ ክጸሎ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣቡቲ ዝነበርሉ ሕብረተሰብ ኑቲ ዘንጸባርቕዎ ተግባር ሰዒቡ፡ ሃናጺ መኣረምታ እንተ ዘይተዋሂብዎም፡ ጸረ ማሕበራዊ ጠባይ ብምምዕባል ኣብ ገበናትን ዘይቅቡል ተግባራትን ክሳተፉ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ ምዃኑ ይጥቀስ። ፍንገጽ (deviant) ዝብል ኣምር ኣብ ስነ ሕብረተሰብ ቀጻሊ ካብ ዝዘውተሩ ማሕበራዊ ኣምራት እዩ። ምሁራት ስነ ሕብረተሰብ ንፍንገጽነት (deviance) ክገልጽዎ ከለዉ፡ " ሕብረተሰብ ብመንጽር ባህሉን ክብርታቱን ቅቡል ኣሉ ንዘቐመጦ ማሕበራዊ ደረጃታት ዝጻረር፡ ብሰባት ዝዘውተር ዘይቅቡል ባህርያት" ክብሉ ይጠቕስዎ።

ሕብረተሰባት ብእኩብ ይኹን ውልቀሰባት፡ ኣብ ባህሎምን ክብርታቶምን መሰረት ገይሮም ዝሃንጽዎ መንነት ኣሎ። ምሁራት ስነ - ሕብረተሰብ ንውልቃዊ መንነት ክገልጽዎ ከለዉ "ሓደ ውልቀሰብ ኣብ ማእከል ናይቲ ዝነበረሉ ሕብረተሰብ ንዘሎ ባህሊ፡ ልምዲ፡ ክብርታት፡ መሰረት ገይሩ ዝሃንጾ ርእሰ ምልከታ ወይ ግንዛበ" ክብሉ ይጠቕስዎ። ብተመሳሳሊ ንሕብረተሰባዊ መንነት ክገልጽዎ ከለዉ፡ "ሕብረተሰባት ኣብ ንውሕ ዝበለ ተመኩሮታቶምን ማሕበረ ቁጠባዊ ኣውዳድባኦምን ዘማዕበልዎ ባህልን ክብርታትን ሰዒቡ፡



ዝፍጠር ኣረኣእያ ገዛእ ርእሶም " ክብሉ ይገልጽዎ።

እዚ ከም መለለይን ሕላገትን ሰባትን ሕብረተሰብን ተገይሩ ዝርአ መንነት፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ኣብ ዘንጸባርቕሉ እዋን መግለጺ ማሕበራዊ ንቕሓትን ማሕበራዊ ጥምረትን ተገይሩ ክውሰድ ይኽእል። ማሕበራዊ ጥምረትን ሓድነትን ሕብረተሰባት ንምዕቃብ፡ ኣብ መበቆላዊ ባህሎምን መንነቶምን መሰረት ዝገበረ ኣተሓሳስባን ኣካብራን ምዝውታር ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ማሕበራዊ ምብህሃል፡ ኣብ ምዕዛዝ ባህልን መንነትን ሕብረተሰባት ዝጻወቶ ተራ ኣገዳሲ እዩ። ንመበቆላዊ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰባት ዝውክሉ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት፡ ኑቲ ብምሉኣን ምቕባልን ዝኸይድ መሰረሕ ምብህሃል ኣብ ምዕዛዝ ወሳኒነቶም ጉሉሕ እዩ። ኣብ ዕድመ ብጽሕናን ሽምግልናን ዘለዉ ኣባላት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኑቲ መርኣያ ሕብረተሰባዊ መንነት ዝኾኑ ክብርታት፡ ባህሊ፡ ልምድታት ናብ መንእሰያትን ቈልዑን ናይ ምትሕልላፍ ሓላፍነት ኣለዎም።

ኣፋዊ ያታ፡ ጽውጽዋያት፡ ምስላታት፡ ግጥምታት ዝኣመሰሉ ኣካል ባህልን ልምድን ዝኾኑ ጠቐምቲ ኣምራት፡ ብመልክዕ ምውርራስ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ፡ ኣብ ዝመሓላለፍሉ እዋናት፡ መበቆላዊ መንነት ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብ ሃናጺ ተራ ይጻወቱ። እዚኣቶም ኣብ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታት፡ ስድራቤታዊ ምትእኽኻብን ካልእ ግዜን ናብ ቈልዑን መንእሰያትን ምትሕልላፍ፡ ካብ ምርግጋጽ ቀጻልነት ወለዶታት ሓሊፉ፡ ኣብ ምህናጽ ድልዱል ርእሰ መንነት ዘለዎም ዜጋታት ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

ድልዱል ማሕበራዊ መንነት ክሃንጽ ዝጸቐወ ሕብረተሰብ ቀጻልነቱ ብዘለዉ መንገዲ ኣብ ምትግባር ኣይሸገርን። ታልኮት ፓርሰንስ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ምሁር ስነ ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ስርዓት ኣብ ሕብረተሰብ ምህናጽ፡ መርኣያ ድልዱል ማሕበራዊ መንነት ምዃኑ ብምግላጽ" ኣብ መንጎ ኣባላት ሕብረተሰብ ዘሎ፡ መሰረሕ ማሕበራዊ ምብህሃል ኑቲ ሃጸሞ ዘለዎ መንነትን ባህልን ኣብ ምኹላዕ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ" ክብል ይጠቅስ።

ኣብታ ኣብ 1951 ዝሕተማ "ማሕበራዊ ስርዓት" ዝርእሰታ መጽሓፉ ድማ፡ "ማሕበራዊ ስርዓት፡ ኣብ ሓደ ወሰን ኣከባቢ ዘለዉ ሰባት፡ ንብርክት ዝበለ ውልቃውን ማሕበራውን ምኽንያታት ኣብ ዝህልዎም ዝምድናታት፡ ንመማእዘኒ ዝጠቅም ኣገዳሲ ረቛሒ" ክብል ይጠቕሶ።

ብሪጣንያዊ ቶማስሆብስ (1588-1679)፡ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካዊ ስነ ፍልጠት ዓቢ ጽልዋ ካብ ዝገደፉ ምሁራት ሓደ እዩ። ቶማስ ሆብስ ኣብ 1651 ኣብ ዝሕተማ "ሌቭያታን" ዝርእሰታ መጽሓፉ፡ ንባህሪ ደቂ ሰብ ዝድህስስ ትሕዝቶ ኣስፊሩ ኣሎ። ኣብዚ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ደቂ ሰብ ካብ ዝተፈጥርሉ እዋን ኣትሒዞም፡ ንውልቃዊ ረብሓታት ቀዳምነት ብምሃብ ዝኸዱ ፍጡራት ብምዃኖም፡ እዚ ሰዓቡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ክኸሰት ንዘኽእል ጸገማት፡ ከማእዝኖምን ከማሓድሮምን ዘኽእል፡ ድልዱል ስርዓት እንተ ዘይተሃኒጹ፡ ብሰላም ክነብሩ ኣይክእሉን" ክብል ይገልጽ።

ንክልሰ ሓሳባት ቶማስ ሆብስ ዝድግፉ ብርክት ዝበሉ ምሁራት ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ድማ፡ ሕብረተሰባት ተሳኺዖም ንኽነብሩ፡ ድልዱል ማሕበረ-ባህላዊ ስርዓት፡ ሕጋጋት፡ ፖሊሲታት ፡ መትከላት፡ እምነት ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ከምዘድልዩዎም ይጠቕሱ። እዚም ከም መምርሒታትን መወከስን ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት፡ ማሕበራዊ ርግኣትን ሰላምን ብምስፋን ኣብ ቀጻልነቶም ዓቢ ተራ ከም ዝጻወቱ የመልክቱ።

"ዝርግሐ" (diffusion)፡ ኣብ ዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ ብሰፊሑ ካብ ዝጽንዑ ኣምራት ሓደ ምኳኑ ይጥቀስ። ኤቨረት ሮጀርስ ዝተባህለ ክኢላ ኣብ 1962 ኣብ ዝሕተማ "ዝርግሐ ምህዞታት" ዝርእሰታ መጽሓፉ፡ ንስነ ሕብረተሰባዊ መግለጺ "ዝርግሐ" ኩበርህ ከሎ፡" ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ማሕበራዊ ጉጅለታት፡ ናብ ካልእ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ሓደሽ ባህሊ፡ ኣተሓሳስባ፡ ክብርታት፡ ምህዞታት፡ ፈጠራዊ ሓሳብ ክስፋፍሉ ከለዉ ዝኽሰት ማሕበራዊ ተርእዮ" ክብል ይጠቕሶ። ሮጀርስ ዝተባህለ ካልእ ምሁር ብወገኑ፡ ዝርግሐ ናይ ሓደሽ ሓሳብ ወይ ፈጠራ ብሓሙሽተ መዳያት ከም ዝሓልፍ ይሕብር። ንሱቶም ድማ ቀዳማይ - ብፍልጠት፣ ካልኣይ -ብኣእማንነት፣ ሳልሳይ - ብውሳነ፣ ራብዓይ - ብትግበራ፣ ሓምሻይ - ብምርግጋጽ ምዃኖም የመልክት።

ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ዘሎ ኣቃውማ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ድሕረ ዘመናዊ ወይ ኢንዱስትርያዊ ተባሂሉ ይግለጽ። ሕብረተሰብ ዓለም ናብዚ ዘለዎ ማሕበረ- ቁጠባዊ ኣውዳድባ ንኽበጽሕ፡ ሓሙሽተ መድረኻት ሓሊፉ ይርከብ። ንሱቶም ድማ ፍልመ ዴሳዊ፡ ጊልያዊ፡ ማስፍናዊ፡ ርእሰ ማላዊ፡ ዴሳዊ፡ ድሕረ ዘመናዊ ተባሂሎም ይሰመዩ። ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ዝርከብ ድሕረ ዘመናዊ ኣውዳድባ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ብዓውለማን ዘመናውነትን ዝተጸልወ እዩ።

እዚ መድረኽ ናቱ መለለይ ዝኾኑ ሓደሽቲ ባህልን ክብርታትን ኣተኣታትዩ ይርከብ። ካብኡም ገለ ንምጥቃስ፡ ውልቃውነት፡ ነገራውነት፡ ኮርፖረይትነት፡ ሓሻሽነት፡ ኣንነት፡ ስስዐ ምንቁልቋል ባህልን ክብርታትን፡ ምጉዳል ኣገዳስነት ስድራቤት፡ ቴክኖሎጂያዊ ገስጋስ ተጠቀስቲ እዮም። ሕብረተሰብ ዓለም፡ ንብርክት ዝበለ ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ባህልን ክብርታትን ኣብ ምሕብርኑት መሰረት ዝገበረ ነይሩ። እዚ ድማ ንመንነትን ባህልን ሕብረተሰባት ዓለም፡ ኣብ ሓብራዊ ረብሓታት፡ ምክብባር፡ ምትሕግጋዝ፡ ሽርክነት፡ ምትሕልላይ፡ ሓብርካ ብሰላም ምንባርን ዝብሉ፡ ክብርታትን መንነትን መሰረት ገይሩ ክኩብር ኣኽኢሉዎ ነይሮም። ምስ ምእታው ዘመነ ዓውለማን ዘመናውነትን ግን፡ እዚም ብሉጻት መግለጺ ባህልን መንነትን ሕብረተሰባት ዓለም ብምኳን ክገልግሉ ዝጸንሑ ነገራት ኣብ ምብሕጋግ ይርከቡ።

ዓውለማ ዝኾነ ጥቕሚ ዘይብሉን ዘዋገድስን ክስተት ጌርካ ክግለጽ ግቡእ ከምዘይኮነ ዝሙግቱ ክኢላታት ኣለዉ። ሓደ ካብዚኦም ኣመሪካዊ ምሁር ስነ -ቁጠባን፡ ዋና ክኢላ ቁጠባ ኣብ ዓለማዊ ባንክን ዝነበረን ጆሴፍ ኤውጅን ስቲግሊትዝ እዩ። ጆሴፍ ስቲግሊትዝ "ዓውለማን መዛዙን" ኣብ ዝተሰምየት መጽሓፉ ብዛዕባ ዓውለማ ክዛረብ ከሎ፡ "ኣብ ዘመናዊ ስልጣነ ወዲ ሰብ ተራእዩ ዝርከብ ዕብየትን ገስጋስን ዝለዓለ መግለጺኡ ዓውለማ እዩ።" ድሕሪ ምባል፡ " ኣብ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ምትእሳሳርን ወሀደትን ዝፈጠሮ፡ ናጻ ምንቅስቓስ ሰብ፡ ማል፡ ቴክኖሎጂ፡ ምህዞታት፡ ኣብ መንጎ ምዕቡላትን ዘይማዕበላን ሃገራት ንዘሎ ጋግ ኣብ ምጽባብ ወሳኒ ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ" ክብል የመልክት።

ኣሰዒቡ ጆሴፍ ስቲግሊትዝ፡ እቲ መሰረታዊ ጸገም ኣብ ዓውለማ ከም ክስተት ዘይኮነ፡ ኣብ ዝርያ ዓውለማ ዘሎ ኣረዳድኣ ብርክት ዝበሉ ሰባት፡ ዓውለማ ማለት ምዕራባዊ ባህልን ክብርታትን ኣብ ካልእ ምጽዓን ገይሮም ስለዝምልከቱ ምዃኖም ይጠቕሱ። ኣሰዒቡ ድማ ሃገራት ዓለም፡ ዓውለማ ንዝፈጠሮ ዕድላት፡ ቴክኖሎጂ፡ ስነ ፍልጠታዊ ገስጋስ፡ ዘመናውነት፡ ዕድላት ሸቐለት ንምጥቃም፡ ምስ ወድዓዊ ኩነታተን ዝኸይድ፡ ኣጠቓቕማ ዓውለማ ዝፈጥሮ ዕድላት ተግባራዊ ክገብራ ይመኽር።

ባህልን ክብርታትን፡ መበቆላውነቶም ዓቂቦም ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፡ መሰረታውያን መወከሲታትን መምርሒታትን ብምዃን ኣብ ቀጻልነት ሕብረተሰባት ዓቢ ተራ ኣለዎም። መንነት ሕብረተሰባት ንምርዳእ፡ ዕለታዊ ዝመርሕዎ ህይወት ብመንጽር ባህሎምን ክብርታቶምን ምግንዛብ ይከኣል። ቀጻልነትን ዕብየትን ሕብረተሰብ ንምርግጋጽ፡ ኑቲ መግለጺ መንነቱን ሕላገቱን ዝኾነ መበቆላዊ ባህልን ክብርታቱን ምዕቃብ ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ ነዚ ምግባር ቀጻሊ ክሰርሓሉን ክጸዓተሉን ኣድላዪ ይኸውን።

- - - - - - - - - - -

## መደብ ተለቭዥን

### ሰንበት 06/09/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

### (ሰኑይ) ዕለት07/09/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 12:00 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎው ደባይዋ |
| 14:45 | ዶክመንት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 18:55 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቀላሕታ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

